# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት ኣውስትራልያ፡ ጥሙር ሃገራዊ መኸተ ንምዕዋት ድልውነቶም ኣረጋጊጾም



መልበርን 27 ሚያዝያ 2010፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኣውስትራልያ ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ "ይርሃው ይጽበብ፡ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ብምክያድ፡ ጥሙር ሃገራዊ መኸተ ንምዕዋት ዘለዎም ድልውነት ከምዘረጋገጹ፡ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ሓቢሩ። ዛጊት ዝመጸ ሓበሬታ ከምዘረጋግጾ ኣብ ምዕራብ ኣውስትራልያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝን፡ ኣብ ከተማ መልበርን ዝቕመጡ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራውያንን፡ እዚ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ 22 ለካቲት ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘካየድዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ብይን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን'ውን መኸተ ንምድንፋዕን ሃገራዊ ሓይሊ ንምዕዛዝን ዝዓለመ ዝካየድ ዘሎ መኸተ ዝሕላገቱ ሰሚናር እዩ።

ጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ፐርዝ ዝተኻየደ ሰሚናር ተረኺቡ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ብምኻን ሃገር ንእትጠልቦ ኩሉ ከማልኡ ንዘርኣይዎ ተወፋይነት ኣዝዩ ዝድነቕ ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብስም ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሓሊፉ ዘሎ ብይን (1907) ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

"ዕላማ ናይ'ዚ ሓቅነት ዘይብሉ ብይን፡ ኣሳጉማ ምዕባለ ኤርትራ ንምሕላኽ ዝዓለመ እንተዘይኮይኑ፡ ነቲ ኣሜሪካን ከደምታን፡ ከም መዋስኢ ኣቕሪቦም፡ ኣሎ ዝብልዎ ሽግራት'ውን፡ መፍትሒ ከም ዘይከውን ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎ ጉዳይ'ዩ" ዝበለ ኣቶ በሽር፡ "ህዝቢ ኤርትራ ንብዙሕ መፈትጠራታትን ሕልላኻትን ዝሓለፈ ናይ ታሪኽ ህዝቢ ስለዝኾነ በዚ ተዋስኦ'ዚ ክታለል'ዩ ኢልካ ምፍታን ናይ ታሪኽ ዕሽነት'ዩ" ኢሉ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር፡ ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ መልበርን ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ተረኺቡ ንህዝቢ ኣብ ዘካየዶ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር፡ መበገስን ኣመዓባብላን ናይ'ቲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ታሕሳስ 2009 ግስጋሰ ኤርትራ ንምቑጻይ ብሃታ-ሃታ ዝሕለፎ ግጉይ ውሳነ ድሕሪ ምብራህ፡ "እቲ ብይን ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ ዘለዎም መሰረት ዘይብሉ ጽልኢ ከምዘይበለየሎም ዘርእይ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ "ብኣንጻሩ ነቲ ንኣፍሪቃ ኣብ ዞባታት ከፋፊልካ ናይ ምግዛእ ፖሊሲኦም ክጥዕሞም፡ ብሃገር ይኹን ብህዝቢ ተገዳስነት ንዘይብሎም ብናይ ክድምና ባህርያቶም ንዝመረጽዎም መንግስታት ብግልጺ ከሳስዩ ምፍታኖም መርኣያ ፍሽለቶም'ዩ" ኢሉ።

"ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን መደባትናን ብምሕያልን፡ ከምኡ'ውን ብናይ ቀረባን ርሑቕን ጸላእትና ንዝኽፈተልና ዜናውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኰናት ብምፍሻልን ናይ ሓሳባትን ውዳቤን ሓይልና እነሰስነሉን ኣምር'ዩ" ዝበለ ኣቶ በሽር፡ " ነጻ ፖለቲካዊ መስመርና ዋጋ ዕዳጋ ዘይፍቅድ ሓዲድ'ዩ" ክብል ገሊጹ።

ንህልው ኩነታት ሃገርን ከባቢኡን ኣመልኪቱ፡ ኣቶ በሽር ኣብ ዘቕረቦ መብርሂ፡ ጎኒ ጎኒ ምሕያል መኸተ ኣብ ኤርትራ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባትን ኣዎንታዊ ውጽኢቶምን ድሕሪ ምብራህ፡ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ዘርኣየቶን እተርእዮን ዘላ ኣዎንታዊ ተራ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ጉዳይ ዳርፉር (ሱዳን) ፍትሒ ዘለዎ ሰላም ንምስፋን መሪሕ ተራ ሒዛ ምንባራ ህያው ኣብነት ምኳኑ ገሊጹ።

ኣስዒቡ ኣቶ በሽር፡ መንግስቲ ኤርትራ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ብቐጻሊ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ንዝተነድፈ መደባት ንምዕዋት ዘርእዮ ዘሎ ምርብራብ ራእይና ብግብሪ ከምንበጽሖ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሕና'ሎና" ድሕሪ ምባል፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያ'ውን ከምወትሩ ሓድነቶም ብምትራር መኸትኦም ከዕዝዙ ጻውዒቱ ኣቕሪቡ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ ብወገኖም፡ ኣብቲ ብሰንበት 18 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ህዝብን መንግስትናን ከም ኢድን ጓንትን ኮይኖም ዘካይድዎ ዘለዉ ጥሙር መኸተ መደባት ልምዓት ንምዕዋትን ካብኦም ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ንምምላእን ዘለዎም ፍጹም ቅሩብነት ገሊጾም። ከም መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ጥሙር መኸተ ዘለዎም መግለጺ ድጋፍ ከም መበገሲ ኣብቲ ዕለት'ቲ ኣስታት $ 15,000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ዶላር ከዋጽኡ እንከለዉ፡ ብተመሳሳሊ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ መልበርን ኣብቲ ብዕለት 24 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ኣስታት $ 30,000.00 (ሰላሳ ሽሕ) ዶላር ከወፍዩ ከለዉ ነብሲ ወከፍ ዝሰርሕ ዜጋ ድማ ሓሙሽተ ሚእቲ ዶላር ከዋጽእ ቃል ብምእታው ነቲ ሰሚናር ብዓወት ከምዝዛዘምዎ ተገሊጹ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡

ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ከባቢኡን ኣመልኪቱ ጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያ ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስ ኑር ብቐዳም 17 ሚያዝያ ንኣባላት ህግደፍ ከተማ ፐርዝ፣ ሰፍሕ ዝበለ ሰሚናር ከምዝሃበን፣ ውዳቤኦም ኣብ ምስፋሕን ምሕያልን ኣመልኪቶም ከምእተዘራረቡ ካብ ከተማ ፐርዝ ዝመጸ ጸብጻብ ብምጥቃስ ቤ/ጽ ጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ሓቢሩ።

ከምዝዝከር ኣብ ከተማ ብሪዝቤን ዝርከቡ ኤርትራውያን'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብተመሳሳሊ ዕዉት ናይ መኸተ ሰሚናር ብምካይድ ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ብምኻን ካብኦም ዝጥለብ ዘብለ ኩሉ ከማልኡ ድልውነቶም ከምዘረጋገጹ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣብ ካልኦት ከተማታት ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን'ውን ተመሳሳሊ ሰሚናራት ክካየድ ምኻኑ ቤ/ጽሕፈት ጠ/ቖንስል ሓቢሩ።